# ርእሰ ዓንቀጽ

## ዓይኒ ሕንከት ዘይብሉ ስልበጣ




On Oct 10, 2025

ብ2 ጥቅምቲ 2025 ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢትዮጵያ፡ ናብ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣንቶንዮ ጉተሬዝ፡ ንካልኣይ ግዜ ናይ ክሲ ደብዳበ ጽሒፉ። ኣብ ዝሓለፈ ሰነ እውን፡ ‘ኤርትራ ንህወሓትን ፋኖን ብምድጋፍ ኣብ ክ ራማት 2025 ሰፊሕ መጥቃዕቲ ክትፍንወልና መደብ ሒዛ ኣላ’ ዝብል ክሲ ኣቕሪቡ ምንባሩ ይዝከር።

ኣብ መንጎ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ብሕጊ ዝተዓጸወ ጉዳይ ብምልዓል፡ ጽልኢን ቅርሕንቲን ንምጉሃር፡ እንተተኻኢሉ እውን ኲናት ንምብራዕ፡ ስርዓት ብልጽግና ንልዕሊ ክልተ ዓመታት ከካይዶ ዝጸንሐ፡ ኣእዛን ዘሰልክየ ዘመተ-ባሕሪ ዝተኸታተለ፡ ኤርትራ ክትከስስ’ዩ ዝጽበ። ምኽንያቱ ብዓንቀጽ 2 (4) ቻርተር ሕቡራት ሃገራት፡ ኣንጻር ልዑላውነት፡ ግዝኣታዊ ሓድነትን ፖለቲካዊ ናጽነትን ሓንቲ ኣባል ሃገር፡ ሓይሊ ምጥቃም ኮነ ብምጥቃም ሓይሊ ምፍርራሕ ዘይፍቐድን ውጉዝን’ዩ።

ነዚ ቀንዲ መትከል ኣህጉራዊ ዝምድናታት’ዚ ብምጥሓስ፡ ብልጽግና፡ ዕለታዊ ክብሃል ብዝኽእል ምድግጋም፡ ኣብ ዝተረኽበ መድረኻትን ኣጋጣሚታትን፡ ብመገዲ ዝተፈላለዩ ፖለቲካውን ወተሃደራውን መራሕቲ፡ ንልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ዝዳፈር መግለጺታት ከጋውሕ ጸኒሑ ኣሎ። ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ዝነጥፉ ልኡኻቱ፡ ኣንጻር ኤርትራን ህዝባን ዘካይድዎ ዘለዉ ሕሱር ዘመተ ድማ መስደመም እዩ።

“ግዙፍ ስትራተጂ ክልተ ማያት ሓንጺጽና ኣለና፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ወደብ ክህልወና እዩ፡ ኢሬቻ ንዓመታ ኣብ ገምገም ባሕሪ ክነብዕሎ ኢና፡ ሓይሊ ባሕሪ ዘቘምናሉ ምኽንያት ባሕሪ ስለዝደለና ኢና፡ ክመጻና ዝኽእል ስግኣት ንምክልኻል ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ወተሃደራዊ መደበር ክህልወና ኣለዎ፡ 130 ሚልዮን ህዝቢ ሒዝና ብዘይ ባሕሪ ክንነብር ኣይንኽእልን ኢና፡ ዝጠመየ ህዝቢ ሕጊ የብሉን፡ ውሕጅ ኴይንና ክንውሕጠኩም ኢና፡ ካልኦት ኣብ ማርስ ግዝኣት ክሕዙ እናሓለሙ፡ ንሕና ኣብ ኣፍንጫና ዘሎ ባሕሪ እንተሓለምና እንታይ ነውሪ ኣለዎ፡ ጉዳይ ሓጽቢ ህዳሰ ወዲእና፡ ሕጂ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ኢና፡ ኢትዮጵያ ባሕሪ ዝሰኣነትሉ ኩነት ቅቡል ኣይኮነን፡ ረፈረንዱም ኤርትራ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ድምጹ ስለዘይሃበሉ ሕጋዊ ኣይኮነን፡ ኢትዮጵያ ንናጽነት ኤርትራ ኣፍልጦ ክትነፍጎ ትኽእል እያ፡ ሓሙሽተ ዓመታት ተጸቢና፡ ካብዚ ንላዕሊ ክንዕገስ ኣይንኽእልን ኢና፡ ኲናት ዘይተርፍ’ዩ! ቀሪቡ! ተወሊዑ! ሰራዊት ኣብ ዶብ ተጻጊዑ ኣሎ! ኣጆና ኣይንፍራሕ! ኣምላኽ ብልጽግና ሒዝና ንኽእል ኢና! ቀሊል’ዩ! ግዜ እውን ኣይወስደልናን’ዩ! እንተወሰደ ሳልስቲ’ዩ! ነዊሕ ርሕቀት ዝውንጨፍ ሚሳይላት ኣለና! ድሮናት ኣለዋና! ብሽነኽ ዓሰብ ኮነ ብኦምሓጀርን ሱዳንን ተኻሊልና ከምዚ ክንገብር ንኽእል ኢና. . .” ዕሽላዊ ሃተፍተፍ ብልጽግና ማእሊያ የብሉን።

ህዝቢ ኤርትራ ረዚን ህዝቢ እዩ። ናብ ከምዚ ዓይነት መኣዲ ሃጠው ቀጠው ዝዕደም ኣይኮነን። ብዙሓት ፈኸርቲን ተጃሃርቲን ስለዝርኣየ ከኣ፡ በዚ ታህዲዳት’ዚ ተሰናቢዱ ናብ ክሲ ዝኣየ ኣይኮነን። መንግስቲ ኤርትራ ትም ዝበለ፡ ዝበሃል ጠፊኡዎ ዘይኮነ፡ ከም ባህሊ ትም ምባል ስ ለዝመርጽ ጥራይ እዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሓምለ 2025 ንማዕከናት ዜና ውሽጢ ሃገር ኣብ ዝሃቦ ቃለመሕትት፡ በዚ ዝስዕብ ቃላት ነዚ ጉዳይ’ዚ ብዘይወላውል ኣነጺሩዎ እዩ።

“ሽውሃት ናይ ኲናት የብልናን። ኣብ ልዕሊ ጐረባብትና ሕቶ ወይ ጥሙሕ ናይ ግዝኣት እውን የብልናን። እንተድኣ ተጠቂዕና ግን ከመይ ገይርና ነብስና ከም እንከላኸል ንፈልጥ ኢና። እዚ ታሪኽና ዝምስክሮ እዩ። ሰልፊ ብልጽግና — ድሮናት፡ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ሚሳይላትን ካልእን ከም ዝዓደገ ብጉራ ይዛረብ ኣሎ። ማዕበላዊ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ክፍጽም ከምዝኽእል እውን የፈራርሕ ኣሎ። እዚ ጥዑይ ኣእምሮ ዝሓስቦ ኣይኮነን። ታሪኽ ዘይፈልጡ ወገናት ጥራይ እዮም ከምዚ ዝብሉ። ሕጂ እውን መልስና፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ

ኣብ ዘየድልዮ ኣዕናዊ ኲናት ኣይተእትውዎ፡ ሸግራትኩም ኣብ ምፍታሕ ኣተኲሩ፡ ዓዲ ወዓሉ! ዝብል እዩ።”

በዓል ነዊሕ ተመኩሮ ህዝቢ ኢትዮጵያ እውን እንተኾነ፡ ነዚ ልዕሊ ክልተ ዓመት ዝቐጸለ ቁዘማ ባሕሪ፡ እዝኒ ኣይሃቦን። ኣጉል ሕልሚ፡ ምህሙን ምጉት፡ ዕጹው መዝገብ ምዃኑ ስለ ዝፈልጥ፡ ከምቲ ብልጽግና ዝተጸበዮ ኣይደንቈረን፡ “ሆ!” ኢሉ “ኣይትሓዙኒ!” ኣይበለን። ብስቓት ህዝቢ ኢትዮጵያ ተስፋ ዝቚረጸ ብልጽግና ድማ፡ ጭንቀቱ እናዓረገ ክመጽእ ምጽንሑ ርኡይ እዩ። እዚ ዓይኒ ሕንከት ዘይብሉ ናይ ስልበጣ ክሲ ጉሉሕ መርኣያ ናቱ እዩ።

ምስላ ዓረብ ከምዝብሎ፡ ነገር ብልጽግና “ሃሪሙኒ በኸዩ፡ ቀዲሙኒ ጠሪዑ” እዩ። ብልጽግና ኣብዚ ናይ ሕጂ ክሱ፡ እቲ ኣብ ወልድያን ካልእ ከባቢታት ክልል ኣምሓራን ብሓይልታት ፋኖ ዝወርዶ ዘሎ ዘሰምብር መጥቃዕቲ፡ “ምድፍፋእ ናይ ኤርትራን ህወሓትን ኣለዎ” ኢሉ ኣሎ። ባዕልኻ ሓዊ ኣጕድካ፡ “የጉህሩለይ ኣለዉ” ኢልካ ካብ ምጥራዕ ንላዕሊ ዘሕፍር ነገር እንታይ ክህሉ ይኽእል፧

ክሲ ብልጽግና ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ሓድሽ ተርእዮ ኣይኮነን። ቀዳሞት ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ ናብ ውድቀት ዘምርሖም ዘቤታዊ ድኻማት ንምሽፋን፡ ኢዶም ናብ ኤርትራ እናወጣወጡ እዮም ሓሊፎም። ታሪኽ ደጊሱ ብልጽግና እውን፡ ባዕሉ ብዝፈጸሞ ስትራተጂያዊ ጌጋታት ኣብ ከቢድ ወጥሪ ምስ ኣተወ፡ ብናይ ሓሶት ክሲ፡ ምድንጋጽ ማሕበረሰብ ዓለም ያኢ እንተረኸበ፡ በዚ “ኤርትራ!” ዝብል ብሉይ ቁዘማ ይልሎ ኣሎ። እንተኾነ ዘቤታዊ ጸገም ኩሉ ሳዕ ውጽኢት ባዕላዊ ድኻም እዩ፡ ንካልኦት ብምጥቃንን ብምኽሳስን ዝፍታሕ ድማ ኣይኮነን።